# ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሹፐርታል ከባቢኣን
# ንሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኤርትራ
# ልዕሊ 2000€ ዩሮ ኣበርኪተን

ብዕለት 17.11.12 ኣብ ከተማ ሹፐርታል ብምኽንያት ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ኤርትራ ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ሹፐርታልን ከባቢኣን ተዳለወ ባህላዊ በዓል ካብ ኩሉ ከተማታት ኖርድ ራይንቬስትፋለን ብብዝሒ መንእሰያት ተሳቲፍዎ ብድምቀት ተባዕለ።

መደብ ብዓል ብዝኽሪ ሰማእታት ተኸፍተ።
ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሹፐርታል ወ/ሮ ደመት ሰምኦን ንተሳተፍቲ በዓል ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብድሕሪ ምቕራብ ፣ ኣብ ትርጉም ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንክልና ሀተኮረ ሰፍሕ መግለጺ ኣቕረበት። ኣብ መግለጺኣ እዛ ዕለት እዚ'ኣ ብዓለም ደረጃ መበል 20 ዓመት ብሃገር ደረጃ መበል 16 ዓመት እትዝከረሉ እዋን ክኸውንከሎ ፤ ንዓና ኤርትራውያን ናይ ሓርበኛታትና ስንክልና ኣብ መዝገብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝኸብረን ፍሉይ ትርጉም ስለዘለዎ ኮይኑ፤ ነዞም ንናጽነትን ልዑላውነት ሃገርን ኣካሎም ዝጎደሉ ሕቡባትና ድማ ኣብ ርእሲ'ቲ ብመንግስናን ብሃገራዊ ማሕበር ሓርበኛይታት ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ ፣ ግብረሎም ምእኩልን ጥርኑፍን ምትሕባባራት ፣ ንሕና'ውን ካብኡ ዚይፍለ ፣ ጸገማት ስንኩላናን ስድራቤቶምን ንምፍታሕን ፣ ንኺይዝኽትሙን ንኺየስተማስሉን ኣጆኹም ንምባልን ዓቕምና ብዘፍቕዶ ሞራላውን ቁጠባውን ደገፋትና ንኽነበርክት ናይ ነውስ ወከፍና ሓላፍነት እዩ በለት።
ማሕበር ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኲ.ኤ. ምስ መንግስቲን ህዝብን ብምትሕብባር ንምጥያስ ሓርበኛታት ስንኩላንን ጸገማቶምን ንምፍሕ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ክትግበር ጸኒሑ ኣሎ። ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን ነዚ ቅዱስ ዕላማ ንምሕያል ምስ ማሕበር ሃ.ማ.ሓ.ስ.ኲ.ኤ. ብምትሕብባር ኣብ ምጥያስ ሓርበኛታት ስንኩላን ደቂ ኣንስትዮ ብቐጻሊ ተፈላለዩ ዕዉት ፕሮጀክታት የካይዳ ኣለዋ። ንሕና ኣባላት ሃማደኤ ሹፐታልን ከባቢኣን"ውን ኣብ ጕኒ ብጾትና ኮይና ምስ ኤርትራውያን ተቐማጠ ከተማ ሹፐርታልን ካባቢኣን ብምትሕብባር ሓርበኛታት ስንኰላትና ስድራቤቶምን ንኽንሕግዝ ኣብ ከተማ ሹፐርታል ዓመት ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንክልና ንኽዝከር መደብ ተታሒዙ ከምዘሎ ብምሕባር ፣ መግለጺኣ ዛዘመት።

ሰዒቡ ኣቦ መንበር ማ'ኮም ሹፐርታልን ከባቢኣን ኣቶ የማነ ብርሃነ ስንኩላትና ስድራቤቶምን ምሕብሓብ ብዓይኒ መኸተ ዝርአ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነዩ ክብል ናይ ደግፍ ቃል መልእኽቲ ከተሓላፍ ከሎ ፣ ኣባል ሃማደኤ ከተማ ሹፐርታል ወ/ሮ ለተንስኤ ገ/ዝጊ ድማ "ቅስኑ ሰማእታትና ኣሎናልኩም ስንኩላትና" ዝርእስታ ግጥሚ ብድሕሪ ምቕራብ ኣብቲ ብኣባላት ሃማደኤን ግዱሳት ሃገራውያን መንእሰያትን ተዳለወ ናይ በዓል ስነ ስርዓት ብሃገራዊ ፍቕሪ ዝዓሰሎ ኣገባብን ብምውህሃድ ፣ ተስተፍቲ ብዓል ኣብ ናይ ምዝንጋዕ ቀጸሉ።

ዕድመ ኣኽቢሮም ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ካብ ከተማታት ኖርድ ራይን ቬስትላን ዝመጹ ሃገራውያን ተሳተፍቲ ብዝተራእየ ሕጉስን ሓድነት ዝመልኦ ሃዋህውን ነቲ በዓል ፍሉይ ድምቀትን ምዓርግን ብምሃብ ፣ መደብ በዓል መዓልቲ ሓርበኛታት ስንኩላን ኤርትራ ኣብ ከተማ ሹፐርታል ብዓወት ተዛዚመ።

ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ ሹፐታልን ከባቢኣን ኣብ 2011 ዓ.ም. 650€ ዩሮ ፤ ኣብ ዓመተ 2012 ድማ 1400€ ዩሮ ንሃገራዊ ማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ ዝውዕል ኣወፍየን ።
በዚ ኣጋጣሚ ድማ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ንኽትግበር ተሓባብሩ ግዱሳት ኤርትራውያን ተቐማጠ ኖርድ ራይን ቬስትፋለን ብፍላይ ድማ መንእሰያት ዕዙዝ ምስጋና የቕርባ።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና
ሃ.ማ.ደ.ኤ. ሹፐርታል